# ኣብ መንነት ግብጻዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንን ኤርትራዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንን ዝተገብረ ውዕል

## መእተዊ

እዘን ክልተ ቤተ ክርስቲያናት እዚኣተን፡ ካብ ጥንቲ ምጅማር ክርስትና ኣትሒዘን ደቂ ቅዱስ ማርቆስ ሓዋርያዊ ስለ ዝኾና፡ ብዓሚቕ ሓድነታዊ ምትእስሳር ብሓደ ክንዓዛ ዝጸንሓ ቤተ ክርስቲያናት እየን። እዚ ናይ ክልቲኣተን ሕብረት ግብራዊ ዝኾነሉ ግዜ፡ ኣብ ዘመን ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሓዋርያዊ፡ መበል ዕስራ ፓትሪያርክ ኣለክሳንደርያ ዝነበረ፡ ብሕቶ ናይቶም ክልተ ክርስቲያናት ዝነበሩ ነገስታት ኣብርሃን ኣጽብሃን፡ ንፍረሚናጦስ ብ329 ዓ.ም. ቀዳማይ ጳጳስ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኾይኑ ተቐቢሉ ምስ ቀብኦ እዩ። ብ330 ዓ.ም. ኣባ ሰላማ ዝብል ስም ተቐቢሉ ጳጳሳዊ ስርሑ ክጅምር ምስ መጸ፡ ቅድም ኣብ ኤርትራ ቅዱስ ዝብል ናይ ክብሪ መዓርግ ተዋህቦ።

ኣባ ሰላማ ጳጳስ ኮይኑ ምስ ተቐብአ፡ ቤተ ክርስቲያን ኣለክሳንደርያ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዘገልግል መንበረ ጵጵስና መስሪታ እያ። ብእኡ መሰረት ድማ መንበረ ጵጵስናኣን መንበረ ቅዱስ ማርቆስ ወንጌላዊ ኮነ።

ብድሕሪኡ ድማ ናይ ኣለክሳንደርያ ቤተ ክርስቲያን ነቲ ብኣባ ሰላማ ዝቖመ መንበር ዚንስዩ ጳጳሳት ብዘይ ምቁራጽ እናቐብኣት ትሰድድ ነይራ እያ።

ብግንቦት 24 1991 ዓ.ም. ኤርትራ ነጻ ሃገር ኮነት። ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ስለ ዝሰፈሐት ዝዓበየትን ድማ ሕጂ 1,700,000 (ሓደ ምልዮንን ሸውዓተ ሚእትን) ኣመንትን 1,500 ቤተ ክርስቲያናትን 22 ገዳማትን 15,000 ካህናትን ኣጥረየት።

ብሓምለ 1993 ዓ.ም. ክቡር ኣቶ ኢሳያስ ኣፈውርቂ፡ ንብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሽኖዳ ሳልሳይ ንካይሮ ከይዱ ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ተራኺ□ም። ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ብጹእ ወቅዱስ ፓትሪያርክ ሺኖዳ ዝተገብረ ታሪኻዊ ርኽ□ብ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ ነጻ ሃገር ነጻ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ክትህሉ፡ ንጥቅሚ ህዝብን ቤተክርስቲያንን ከገልግል ዝኽእል፡ ግዝያዊ ቅዱስ ሲኖዶስ ክቐውም ብዝሓተቶም መሰረት፡ ፖፕ ሺኖዳ ሳልሳይ ንልኡ□ት ኤርትራ ኣብ ካይሮ ክቅበልዎም ተሰማምዑ። ንግዚያዊ ሲኖዶስ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝውክሉ ልኡኻት፡ ብጉዳዩ ክዘራረቡን ንመጻኢ ክእምቱን ወግዓዊ ደብዳቤ ሒዞም ከይዶም ምስ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ ሳልሳይ ተራ□ኹ። እዚ ፍሉይ ልኡኽ□እዚ ብ19 ሓምለ 1993 ዓ.ም. ፍሉይ መልእኽቱ ንፓትርያርክ ሺኖዳ ኣረከበ።

ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ ሳልሳይ፡ ብ21 ሓምለ 1993 ዓ.ም. ናብ ብጹእ ኣቡነ ፍሊጳስ መራሒ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራን ሲኖዶስን። ኣብ ኤርትራ ናይ ጳጳሳት ቅዱስ ሲኖዶስ ክቐውም ከም ውጽኢቱ ድማ ንሃገረ ኤርትራ ሓድሽ ፓትሪያርክ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኤርትራ ክቅብኣላ ከም ዝተሰማምዑ ደብዳቤ ለኣኹሎም።

ብ2 ብግንቦት 1993 እቲ ኣብ ኣሥመራ ዝቖመ ግዝያዊ ሲኖዶስ ድማ፡ ካብታ ሰዓት እቲኣ ኣትሒዙ ብምኽሪ ብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ሺኖዳ ሳልሳይ ከም ዝምራሕ ግዝያዊ ሲኖዶስ ደብዳቤ ጽሒፉ ቅዳሕ ውሳኔኡ ብፈርማኡ ኣረጋጊጹ ብኢድ ብጹእ ኣብነ ፍሊጳስ ኣቢሉ ሰደደሎም።

ብ11 ጥሪ 1994 ዓ.ም. ብጹእ ወቅዱስ ፓትሪያርክ ሺኖዳ ሳልሳይ፣ ካብ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ይበኾዑ እዮም ዝበሎም ሓሙሽተ መነኮሳትን ኣበምኔታትን ንመንበረ ጵጵስናን ዘገልግሉ መሪጹ ከም ዘሎ ዝገልጽ ደብዳቤ ተቐበሉ።

እቲ ዝተኻ፬ደ ምርጫ ብቑጽጽር ምክትል ኣመሓዳሪ ምሸጢ ሃገር ኤርትራ ተኻ፮ዱ፣ ኣስማት ናይቶም ዝተመርጹ መነኮሳት ድማ ኣብቲ ደብዳቤ ተገልጹ ነበረ።

ቅዱስ ሲኖዶስ ግብጻዊት ቤተ ክርስቲያን ድማ ብ28 መስከረም 1993 ዓ.ም. ፍሉይ ኣኼባ ገይሩ፣ ነቲ ምስ ኤርትራዊት ቤተ ክርስቲያን ዝተበጽሐ ኩሉ ውዕላት ተሳማሚዑ ኣጽደቖ።

ልኡኻ፦ ግብጻዊት ቤተ ክርስቲያን፣ ነታ ብ24 ግንቦት 1994 ዓ.ም. ካብ ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ ሳልሳይ ዝተላእኸት መልእኽቲ ሒዞም ኣሥመራ ኣተዉ። እዚ ድማ ብዛዕባ እቶም ዝቕብሉ ሓሙሽተ መነኮሳትን ኩሉ ምድላዋትን፣ ዝቕብሉሉ ቦታን ዕለትን ምዝርራብ ክግበር። ከምኡውን ቅዱስ ፓትርያክ ሃገረ ኤርትራ መዓስን ኣበይን ከመይ ከም ዝቕብሉን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ክዘራረቡ መጹ።

እቶም ዝመጹ ልኡኻት ድማ ኩሉ ምስ ግዝያዊት ሲነዶስ ተራኺቦም ምስ ተዘራረቡ፣ ምስ ብፕረዚደንት ድማ ተራኸቡ።

እቶም ልኡኻት ደማ ነታ ብ26 ግንቦት 1994 ዓ.ም. ዝተጻሕፈት ወግዓዊት ደብዳቤ ሒዞም ካብ ኣሥመራ ተመልሱ። ናይቶም ዝተመርጹ ሓደስቲ ጳጳሳት ኣስማትን፣ ገዳማቶምን፣ ኣብ መንበረ ቅዱስ ማርቆስ ካተድራል ካይሮ ከም ዝቕብሉን፣ ቅዱስ ፓትርያርክውን ኣብ ካይሮ ከም ዝቕብሉን ብልዝብ ከም ዝተሰማምዑን፣ ድሕሪ ቅብኣት ፓትርያርክ ድማ ብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ሺኖዳ ኣብ ኣስመራ መጺኦም ኣብ መንበር ኮፍ ከም ዘብልዎን እትገልጽ ፍሉይቲ ደብዳቤ ሒዞም ተመልሱ።

ስርዓተ ቅብኣት ናይቶም ሓሙሽተ ሓደሽቲ ጳጳሳት ኦርቶዶክሳዊት ኤርትራ፣ ኣብ ቅዱስ ማርቆስ ካተድራል ኣብ ካይሮ ብበዓለ ሓምሳ ተፈጸመ። ኣብዚ ብ1994 ዓ.ም. ዝተፈጸመ ዓብይ ጽምብል፣ ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ ሳልሳይን ናይ ግብጺ ቅዱስ ሲኖዶስን ብኣሽሓት ዝቁጸሩ ናይ ግብጺ ምእመናንን በጻሕትን ተኻፊሎሞ ነበሩ።

ኣብዚ ዓብይ ጽንብል እዚ ብጹእ ኣቡነ ፍሊጶስ ዝመርሕዎም ወከልቲ ካህናትን ዓበይቲ ዓድን ተረኺቦም ተኻፊሉ። እቶም ሓሙሽተ ብጹኣን ኣቦታት ድማ፣ ኣብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ሃገረ ስብከት ከገልግሉ ተቐብኡ።

ብ15 ሚያዝያ 1998 ዓ.ም. ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ ሳልሳይ ንብጹእ ዳሜቲ ጳጳስ ብሻይን ከባቢኣን፣ ኣብቲ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ፓትርያርክ ክትቀብእ እትገብሮ ምርጫ፣ ብዝተገብረሎም ዕድመ ክካፈሉ ነሥመራ ለኣኽዎም። ኣብዚ ምርጫ እዚ ኣቡነ ፍሊጶስ በይኖም ብዘይ ተወዳዳሪ ስለ ዝነበሩ ብምሉእ ድምጺ ጳጳሳት ተመርጹ።

ብ8 ግንቦት 1998 ዓ.ም. ኣብ በዓለ ቅዱስ ማርቆስ፣ ብጹእ ኣቡነ ፍሊጶስ ቀዳማይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ዘሃገረ ኤርትራ ኮይኖም ኣብ ቅድሚ

ናይ ኤርትራ ጳጳሳትን ዓበይቲ ዓድን፡ ናይ ግብጺ ሊቃነ ጳጳሳትን፡ ካህናትን፡ ብኣሽሓት ዝቁጸሩ ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቅዱስ ማርቆስ ካተድራል ብዓብይ ድማቀት፡ ብኢድ ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሽኖዳ ሳልሳይ ተቐብኡ።

ድሕሪ እዚ ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ፡ ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሽኖዳ ሳልሳይ፡ ምስ ሓያሎ ወከልቲ ጳጳሳቶም፡ ንብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ፍሊጶስ ቀዳማይ ኣሰንዮም ናብ ኣስመራ ክኸዱ ተበገሱ። እቲ ኣብ ኣስመራ ተዳልዩ ዝነበረ ኘኽብሪ ቅብኣት ሓድሽ መንበር ቅዱስ ኣቦና፡ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኤርትራ ዘሕጉስ ዓብይ በዓል ክቡር ፕረሲደንት ኢሳያስን ሰበሥልጣናት መንግሥትን፡ ቁጽሪ ዘየብሎም ኤርትራውያን መእመናንን ክርከቡ ዓቢ ጽንብል ተዳለወ።

እዚ ውዕል (Protocol) እዚ ብቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራዊት ኦርቶዶክስን ክግብጻዊት ኦርቶዶክስን ተቐባልነት ረኺቡ ዝጸደቐ እዩ።

ዓንቀጽ 1(፩)
ቤተ ክርስቲያን ኣለክሳንደርያ ንኤርትራዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ነጻ ቤተክርስትያን ከም ዝኾነት ፈሊጣታ።

ዓንቀጽ 2(፪)
ብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ሽኖዳ ሳልሳይ በዓል እስክንድርያ ተካኢ ቅዱስ ማርቆስ ሓዋርያዊ ስለ ዝኾኑ ቀዳማይ ክብሪ ይግብኦም። ብመሰረት እቲ ዝጸንሐ ሓቢርና እንእመኖ ኘኽልቴና ዘማእክለናን ዘራዳድኣናን ቀኖና ቤተ ክርስቲያን፡ ብተወሳኺ ምስቲ ኣብ መንጎ ክልቴና ዝጸንሐ ታሪኻዊ ኣማጻጽኣና፡ ነጻ ዝኾነት ኤርትራዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ከይቆንጸበት ማዕረ እየን።

ዓንቀጽ 3(፫)
መንበረ ማርቆስ ናይ ክልቲኤን ቤተ ክርስቲያናት ስለ ዝኮነ፡ ኦርቶዶክሳዊ ስነ እምነት (ስነ መለኮት) ይኣምና።

ዓንቀጽ 4(፬)
እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ቤተ ክርስቲያናትና ዘሎ መንፈሳዊ ዝምድና ምእንቲ ክጸንዕን ክፍለጥን፡ ኣብ ኩላተን ቤተ ክርስቲያናትና ቅዱስ ፓትርያርክ እስክንድርያ፡ ቅዱስ ፓትርያርክ ኤርትራን ኣብ ኩሉ ጸሎተ ቅዳሴና ይለዓሉ። ቅድምያ ዝጽዋዕ ግና ፓትርያርክ እስክንድርያ እዩ።

ዓንቀጽ 5(፭)
ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ጉዳያ ዘካይደላ፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣለዋ። ብክልቲኤን ቤተ ክርስቲያናት ዝተፈጸመ ውሳኔታት ድማ ክለዋወጣ ኣለወን።

ዓንቀጽ 6(፮)
ሓባራዊ ሓዋርያዊ ኦርቶዶክሳዊ እምነትናን ልምድናን ውሕስና ምእንቲ ክህልዎ ናይ ክልቲኣተን ቤተ ክርስቲያናት ጠቕላሊ ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ኣብ ሰለስተ ዓመት ክጋባእ ኣሎዎ። እንተተደልየ ድማ ኣብ መንጎኡ ይጋባእ።

**ዓንቀጽ 7(፯)**
ነፍስ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ናይ ገዛእ ርእሳ ፓትርያርክ ክትመርጽ ነጻነት ኣለዋ። እንተኾነ ናይ ክልቲኣተን ቤተ ክርስቲያናት ሕብረት ምእንቲ ግሁድ ኸኸውን፡ እታ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ዓሰርተ ኣባላት ዝሓዘ ልኡኻት ማለት ክልተ ናይ ሃገረ ስብከት ጳጳሳት፡ ክልተ ኣበ ምነታት ገዳማት፡ ሽዱሽተ ድማ ኣብ ካልእ ጽፍሕታት ዘገልግሉ ወከልቲ ምእመናን ቤተ ክርስቲያን፡ ነቲ ዝግበር ምርጫዊ መስርሕ ከም ኣጋይሽ ክዕ ዘቡን ኣብቲ ዝግበር ጽምብል ክካፈሉን ይልእኻ።

**ዓንቀጽ 8(፰)**
ንዝመጽእ ግዜ ግና፡ ካብ ክልቲኤን ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ምርጫ ፓትርያርክን ቅብኣትን ክትገብር እንተ ደለየት፡ እታ ምርጫ እተካይድ ዘላ ቤተ ክርስቲያን ነታ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ምእንቲ ክትካፈል፡ ልኡኻት ሰዲዳ ክትዕድማ ኣለዋ። ናይ ስታፌኣ ዓይነት ግና ሽዑ ተዛራሪብካ ይፍጸም።

**ዓንቀጽ 9(፱)**
ዓበይቲ ጉዳያት ኣብ ዝርከበሉ ድማ፡ ክልቲኣተን ክተዓዳደማ ይግብኤን።

**ዓንቀጽ ፲(10)**
ምስ ካልኦት ቃለ-ተኣምኖ ዘለወን፡ ኣብ ደረጃ ናይ ምብራቅ ኦርቶዶክሳውያን ስድራቤት ዘየለዋ፡ ንእምነት ስነ መለኮት ዘርኢ ክዛራረባ እንተደለያ፡ ንክልቲኣቴን ቤተ ክርስቲያናት ዝውክሉ ናይ ሓባር ልኡኽ የቜማ።

**ዓንቀጽ 11(፲፩)**
ክልቲኤን ቤተ ክርስቲያናት ነቲ ንዕድመ ልክዕ ዝተቐብኤ ፓትርያርክ ወይ ጳጳስ ከውርዳ እንተደልየን፡ ብመስርሕ ስርዓት ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ዝተደገፈን፡ ብቅዱስ ሲነዶስ ዝተወሰነን እንተተዘይኰይኑ ከየውርዳ ወይ ከይትክኣ ተሰማሚዒን።

**ዓንቀጽ 12(፲፪)**
ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ንክልቲኤን ቤተ ክርስቲያናት እተገልግል፡ ካብ ክልቲአተን ቤተ ክርስቲያናት ዝተዋጽኡ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ዘለዉዋ፡ ነዚ ዝስዕብ ሓባራዊ ተግባር እተተግብር ኮሚተ ክትቐዉም ኣለዋ።

ሀ. ናይ ምብጽጻሕ ልውውጥ፡ ፓትርያርክ፡ ናይ ሃገረ ስብከት ጳጳሳት፡ ኣበምነታት፡ ካህናት፡ ፈለስቲ፡ ዲያቆናት፡ መማህራን፡ ተመሃሮ ክህሉ ምትብባዕ የድሊ።

ለ. ኣብ ትምህርቲ ስነ መለኮት ምትሕብባር፡
ሐ. ኣብ ትምህርቲ ክርስትና፡ ትምህርቲ ሰንበት፡ መንእሰያት፡ ስድራቤት፡
መ. ሕብረተ ሰብኣዊ ኣገልግሎትን ምዕባሌኣዊ ውጥንን
ሰ. መንፈሳዊ ጉስነት፡- ክልቲኣተን ቤተ ክርስቲያናት ንጉስነት ህዝበን ብዘርኢ ብሰፊሑ ክሰርሓሉ ዘኽእለን ዕድል ክህባ ይግብኤን።

**ዓንቀጽ ፲፫(13)**
ንፍረ ነገር ናይዚ ውዕል (ፕሮቶኮል) እዚ ብናይ ክልቲኤን ቤተ ክርስቲያናት ቅዱስ ሲኖዶስ ጸዲቑ፡ ብናይ ክልቲኣተን ፓትርያርክ ብወግዒ ተፈሪሙ ምእንቲ ክትግበር፡

ናብ ናይ ክልቲአን ቤተ ክርስቲያን ሃገረ ስብከትን ሰበኻታትን መእመናን ምእንቲ ክዝርካሕ ተገይሩ ኣሎ።

ዓንቀጽ ፲፬(14)
ዝኾነ ተወሳኺ ናብዚ ውዕል(ፕሮቶኮል) እዚ እንተ ተደልየ ብናይ ክልቲኣተን ቅዱስ ሲኖዶስ ጉባኤ ልዝብ ክመሓየሽ ይከኣል።

ዓንቀጽ ፲፭(15)
እዚ ውዕል (ፕሮቶኮል) እዚ ብቛንቋታት ትግርኛ፣ ዓረበኛ፣ እንግሊዘኛ ተዳልዩ ኣሎ። ኣብ ትርጉም ዘይምርድዳእ እንተ ተረኺበ፣ ትርጎም እንግሊዘኛ ይቐርብ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓንቀጻት ዝሓዘ ውዕል ፕሮተኮል፣ ኹሉኹሉ ምስ መእተዊኡ ሽዱሽተ ገጽ (ትርጉም እንግሊዘኛ) ዝሓዘ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 13- ናይዚ ፕሮተኮል እዚ፣ ዝምልከተና መራሕቲ ናይ ክልቲኡ ቤተ ክርስቲያናት ብግንቦት 1998 ንፍርመሉ ኣሎና።

ክታም

ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሽኖዳ 3ይ ሊቀ ጳጳሳት
ሊቀ ጳጳሳትኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን ግብጺ
ዘመንበረ ማርቆስ ወንጌላዊ

ክታም

ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ
ቀዳማይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ
ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ